# ሰሙነ ሕማማት



<< እንሆ ይሁዳ ካብቶም ዓሰርተው ክልተስ ሓደ መጸ። ምስኡ ድማ ካብ ሊቃውንቲ ካህናትን ዓበይቲ ህዝብን ብዙሓት ሰብ ኣስያፍን ኣባትሮም ሒዞም መጹ። እቲ ዘትሕዞ ከኣ እቲ ኣነ ዝስዕሞ ንሱ እዩ ሕዝዎ ኢሉ ምልክት ሃቦም። ብኡብኡ ናብ ኢየሱስ ክርስቶስ ቀሪቡ ከመይ ኣምሰኻ መምህር ኢሉ ሰዓሞ። ጎይታና መድኃኒና ኢየሱስ ክርስቶስ ከኣ ዓርከይ ብምንታይ ነገር መጻእካ በሎ። ማቴ.26፣47-51። >>

መጋቢት ፳፻፪ (2002) ዓ.ም
አምላከ ቅዱሳን እግዚአብሔር ጾምና ይባርኽልና።

<<ካብ ድራር ተንሢኡ ክዳውንቱ ኣንበረ ዓለባ ኣልዒሉውን ተዓጥቀ። ደሓር ማይ ኣብ ገበራ ኣዕሪቁ ኣእጋር ደቀ መዛሙርቱ ኪሓጽብን በቲ እተዓጥቆ ዓለባ ገይሩ ኪደርዝን ጀመረ።........ ኣነ መምህርን ጎይታን ክንሰይ ኣእጋርኩም ካብ ሓጺብኩስ ከምቲ ኣነ ኣባኻትኩም ዝገበርክዎ ንስኻትኩም'ውን ከም ኡ ክትገብሩ መርኣ¤ ሂበኩም ኣለኹ እሞ ከምኡ ኣእጋር ሓድሕድኩም ክትሕጸቡ ይግብ ኣኩም እዩ።>> ዮሓ.13፣ 5-17



ጎይታና መድኃኒና ኢየሱስ ክርስቶስ ንደቂ መዛሙርቱ ብፍጹም ትሕትና ትሕት ብምባል እግሮም ሓጺብዎም እዩ።

በስመ አብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ አሃዱ ኣምላክ አሜን ።

# ሰሙነ ሕማማት

ብነብየ ኢሣይያስ **<< ነስአ ደዌነ ወፆረ ሕማምነ >> ኢሳ.53፥4-7። << ብሓቂ ንሱ ንሕማምና ጾሮ ንስቃይና ከኣ ኣብ ነፍሱ ጸዓኖ >>** ተባሂሉ ዝተነግረ ጎይታና መድኃኒና ኢየሱስ ክርስቶስ

ዘንጥብጥብ ኣብ ነግህ፣ ስድስቱ፣ ተስዓቱ ሰሙነ ሕማማት ናይ ጎይታና መድኃኒና ኢየሱስ ክርስቶስ ሕማማት ብምሕሳብ ብተወሳኺ ብዙሓት ነገራት ምፍጻሞም ንዝክረሉ ሳምንቲ እዩ። በብዕለቱ ከፊልና እንታይ እንታይ ከምዝተግብረ ክንርእይ ኢና።

## ❖ ሰኑይ፦

ጎይታና መድኃኒና ኢየሱስ ክርክስቶስ ኣብ ዕለት ሆሳእና ኣብ ቢታንያ ዝተባህለት ዓዲ ሓዲሩ፣ ንጽባሕታ ንግሆ ካብ ቢታንያ ኽወጹ ከለዉ ጠመየ። **ማር.11፥11-25። <<ብርሑቅ ከኣ ቆጻል በለስ ረኣየ ምናልባሽ ገለ እንተረኸበላ ክርኢ ናብኣ ከደ። ናብኣ መጺኡ ከኣ ግዜ በለስ ኣይነበረን እሞ ቆጽሊ እምበር ገለ እኳ ኣይረኸበላን። መሊሱ ድማ ካባኺ ሓደ እካ ዘልዓለም ፍረ ኣይብላዕ በላ።>>** በዚ መሠረት እዚኣ ዕለት ዕለተ መርገም በለስ ዝተፈጸመላ ሰኑይ ትብሃል።

**ትርጉም፦በለስ ዝተባህለት ቤት እስራኤል እያ።** ፍረ ዝተባህለት ሃይማኖትን ምግባርን እያ። ካብ እስራኤል ፍቅርን ሃይማኖትን ምግባርን ደሊዩ ኣይረኸበን። እስራኤል ህዝበ እግዚአብሔር ትብሃሉ እምበር፣ ነብይ፣ካህናት መሥዋእቲ ካባኺ ኣይረኸብ ኢሉ ረጊምዋ። በቲ መርገም ምኽንያት ትንቢት፣ ክህነት፣ መሥዋእቲ ካብ ቤተእስራኤል ጠፊኡ።

**በለስ ሓጥያት፦** ናይ በለስ ቆጽሊ ሰፊሕ ከምዝኾነ ኩሉ ሓጥያት ኣብዚ ዓለም ሰፊሓ ረኺብዋ። በለስ ክበልዕዎ ከለዉ ምቁር እዩ፣ ጸኒሑ ግና ይመርር። ሓጥያት ክሰርሕዋ ደስ እያ ተብል ዳሕራይ ግና (ተሕዝነካ) ተጣዕስካ ። ኣባኺ ፍረ ኣይረኸብ ማለቱ ብፍዳ ሓጥያት ተታሒዙ ዝተርፍ ኣይሃሉ ማለቱ እዩ። እታ በለስ ምስ ተረገመት ቀሊጢፋ ምድራቓ፣ ብኣዳም በደል ምኽንያት ዝተረኸበ ዕዳ ብእኡ ብኣምላኽና መድኃኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ከምዝጥፍኣልና ንምግላጽ እዩ።

ካብኡ ቀጺሉ ናብ ቤተመቅደስ ከደ። ቤት መቅደስ ቤት ጸሎት ቤተ መሥዋእቲ ምዃኑ ተሪፉ ቤተ ምሥያጥ ( ቤተ ዝሸጡን ዝሻየጡን) ኮይኑ ምስ ረኸቦ። **<< ቤተይ ንኹሎም ኣህዛብ ቤት ጸሎት ትብሃል ጽሑፍ ደይኮነን ንስኻትኩም ግና በዓቲ ጎሓሉት ገበርኩምዋ ።>> ማቴ.21፥13።** ኢሉ ነቶም ዝሸጡን ዝሻየጡን ከውጽኦም ጀመረ። ሰደቓ ሸረፍትን መንበር ሸየጥቲ ርግብን ደንከለ። ንኹሎም ከኣ ኣውጽኦም። እዚ ዘርእየና ኣብ ማኅደር ቤቱ ዝነብርና ንሕና ደቂ ኣዳም ሓጥያት ወሪሱና ክንነበር ሓጥያትና ኩሉ ከምዘርሓቀልና ንኽገልጽ እዩ። ካብዚ ብምብጋስ'ውን ኣንጽሖተ ቤተመቅደስ ዝፈጸመላ ሰኑይ'ውን ትብሃል እያ።

## ❖ ሰሉስ፦

ሰኑይ ብዝገበሮ ኣንጽሖተ ቤተ መቅደስ ምኽንያት፣ ሹመት ወይ ሥልጣን ንደቂ ሰባት ዝሃበ ጎይታናን መድኃኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ብዛዕባ ሥልጣኑ ብጸሓፍቲ ፈሪሳውያን ተሓቲቱ እዩ። ናይ ሕቶ መዓልቲ ይብሃል።

ሕቶኦም'ውን ካብ ምድራውያን ነገሥታት፣ ካብ ሌዋውያን ካህናት ትምህርቲ ዘይኮነ፣ ተኣምራት ምግባር፣ **<< በየናይ ሥልጣን እዚ ትገብር ኣለኻ? ወይስ እዚ ንምግባር ዘሰልጠነካ መን እዩ። >> ዝብሉ እዮ ኔሩ። ማቴ.21፥23-27። ማር.11፥17-35። ሉቃ.20፥1-8።** ጎይታና መድኃኒና ኢየሱስ ክርስቶስ ክምልስ ከሎ **<< ኣነውን ሓደ ነገር ኽሓተኩ ጥምቀት ዮሓንስ ካብ ሰማይ ድዩ ወይስ ካብ ምድሪ እዩ። ኢሎዎም። << ኣነ'ውን ሓንቲ ነገር እሓተኩም ኣለኹ እሞ ንገሩኒ። ጥምቀት ዮሓንስሲ ካብ ሰማይዶ ወይስ ካብ ሰብ እያ፣ ኢሉ መለሰሎም።ንሳቶም ከኣ ካብ ሰማይ እንተበልናዮ ከመይ ድኣ ዘይኣመንኩምዎ ክብለና እዩ። ካብ ሰብ እንተበልናዮ ከኣ ኩሉ ህዝቢ ዮሓንስ ነብዩ ምዃኑ ይኣምን እዩ እሞ ብእምኒ ኽጭፍልቀና እዩ። ኢሎም ብልቦም ይሓስቡ ስለዝነበሩ ካበይ ምዃኑ ከም ዘይፈልጡ መልሰሉ።** ጎይታና መድኃኒና ኢየሱስ ክርስቶስ ኣነ'ውን

**በየናይ ሥልጣን እዚ ከምዝገብር ኣይነግረኩምን እየ በሎም። >>** ነዚ ሕቶ'ዚ ምሕታቶም ጎይታና መድኃኒና ኢየሱስ ክርስቶስ ዝገብሮ ኩሉ ብናይ ገዛእ ርእሱ ሥልጣን ምዃኑ ጠፊእዎም ኮይኑ ኣይኮነን፣ ግና ልቦም ብኽፍኣትን ምጥርጣርን ስለ ዝተመልአ ጥራሕ እዩ።

**ማቴ.21፣28። 25፣48። ማር.12፣2። 12፣37። ሉቃ.20፣9። 21፣38።** ዝርከቡ ትምህርቲ ኩሎም ናይ ሰሉስ ትምህርቲ ይብሃሉ። እዚ ዕለት ኣብ ቤትመቅደስ ነዊሕ ትምህርቲ ስለዘምሃረ ናይ ትምህርቲ መዓልቲ'ውን ይበሃል እዩ። ክርስቲያን ዝኾነ ኩሉ ኣብዚ ሰሙን እዚ ካብ ሥጋዊ ነገራት ሪሒቑ ናይ ሃይማኖት ትምህርቲ ክመሃርን ክሓትትን ምቅናዩ መጽሓፋዊ ሥርዓት እዩ።

## ❖ ረቡዕ፣-

**ምክረ ኣይሁድ ይብሃል።** ምኽንያቱ ሊቃነካህናትን ኣይሁድን ጸሓፍትን ንጎይታና መድኃኒና ኢየሱስ ክርስቶስ ከመይ ጌሮም ክሕዝዎ ከም ዘለዎም ተማኺዮም ምኽሮም ዝወድእሉ ዕለት እዩ። ኣብዚ ምኽሮም ብጣዕሚ ዓቢ ጭንቀት ኔሩ። ምኽንያቱ እዋኑ ናይ ፋሲካ በዓል ዘኽብሩሉ ዕለት ብምቅራቡ እዩ። ብዙሓት ሰባት ብናይ ጎይታና መድኃኒና ኢየሱስ ክርስቶስ ትምህርቲ ዝተማረኹ፣ ተኣምራቱ ርእዮም ዘድንቁ ስለዝነብሩ ህውከት ንኸይፍጠር ኢሎም እዮም። ኣብዚ ጭንቀት ከለዉ ካብ ደቂ መዛሙርቱ ሓደ ኣስቆርታዊ ይሁዳ ኣብ መንጉኦም ብምርካብ ናይ ምኽሮም ተሓባባሪ ብሙኳን ካብቲ ዝነብሮም ጭንቀት ኣህደኦም። **ማቴ.26፣1-14። ማር.14፣1-2። ማር.14፣10-11። ሉቃ.22፣1-6።** ናይ ሓድሽኪዳን ካህናትን ምእመናን ኣብዚ ዕለት ኣብ ቤተክርስቲያን ተኣኪቦም ብሙሉእ ሰውነቶም ንእግዚኣብሔር ብምግዛእ ናይ ጎይታና መድኃኒና ኢየሱስ ክርስቶስ ሞተ ፍርዲ እንዳሓሰቡ ብምብካይ፣ ሓዋርያት ድሕሪ ጎይታና መድኃኒና ኢየሱስ ክርስቶስ ምትሓዙ ብፍርሓት ከም ዝነብሩ እንዳዛከሩ መጽሓፍቲ ብምንባብ ብጾምን ጸሎትን ሥግደትን ተጸሚዶም ድሕሪ ምጽናሕ ሰዓት ዓሰርተ ወከሊኤተ (ሽዱሽተ) ምስ ኮነ ነናብ ቤቶም ይኸዱ።

**ናይ ጥዑም መኣዛ መዓልቲ'ውን ይብሃል እዩ።** ምኽንያቱም ኣብዚ ዕለት ኣብ ቤተ ስምኦን ዘለምጽ ከሎ፣ ሙሉእ ሂወታ ንዝሙት ኣግዚኣ ትነብር ዝነበረት ማርያም እንተ እፍረት ( በዓልቲ ጨና ማርያም) **<< ድሕሪ ሕጂ ብሓጥያት ተብላሽዩ ዝነበረ ሂወተይ ከምዚ ጥዑም መኣዛ ዝጥዕም ፣ ንሓጥያተይ ይቕረ ዝብል ኣምላኽ መጺኡ።>>** ክትብል ዋግኡ ብጣዕሚ ክቡር ዝኾነ፣ ስጋብ ሰለስተ ሚእቲ ዲናር ዘውጽእ ክቡር ቅዱይ ቅብኢ ናርዶስ ዝመልአ ብልቃጥ ሒዛ ብምኻድ ኣብ እግሩ ብምፍሳስ ስለዝለከየቶ እዩ። ረቡዕ ናይ መኣዛ መዓልቲ ዝተባህለት።

ረቡዕ ናይ ንብዓት መዓልቲ'ውን ትብሃል እያ፣ ምኽንያቱ ማርያም በእንተ እፍረት ኣብ ትሕቲ እግሪ ጎይታና መድኃኒና ኢየሱስ ክርስቶስ ተደፊኣ፣ ንኹሉ ሓጥያታ ይቕረ ክብለላ ብንብዓታ ንእግሩ ሓጺባቶ፣ ብጸጉራውን ብንብዓታ ዝሓጸበቶ እግሩ ደሪዛቶ እያ። **ማቴ.26፣6-13። ማር.14፣3-9። ዮሓ.12፣8።** ንሓጥያትካ ዘኪርካ ምብካይን ንገዛእ ርእስካ ዝተፈተወ መሥዋእቲ ጌርካ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሔር ምቅራብ ካብ ተምህረና ማርያም እንተ እፍረት ተማሂርና ንብዓትና ንንስሓ ሂወት ክንጥቀሙሉ ይግባእ።

## ❖ ሓሙስ፣ ኣብ ቤተክርስቲያን ዝተፈላለዩ ስያሜ ዘለዋ ብዙሓት ተግባራት ዝተፈጸሙላ ዕለት እያ”

**ጸሎተ ሓሙስ።** ናይ ዓለም መድኃኒት ጎይታና መድኃኒና ኢየሱስ ክርስቶስ ንሥጋ ዝተዋሃደ ኣምላኽ ምዃኑ ንምግላጽን ኣብነት ጸላእቱ መጺኦም ስጋብ ዝሕዝዎ ክጽልይ ዝሓደረሉ እዩ'ሞ፣ ጸሎተ ሓሙስ ተባሂሉ። **ማቴ.26፣36-46። ዮሓ.17።**

**ሕጽበተ ሓሙስ ይብሃል፣-** ጎይታና መድኃኒና ኢየሱስ ክርስቶስ ኣብዚ ዕለት ናይ ደቂ መዛሙርቱ ብፍጹም ትሕትና ትሕት ብምባል እግሮም ሓጺብዎም እዩ። እዚ ከኣ ዘርእየና ናይ ዓለም ኩሉ ሓጥያት ክሓጽብ ዝመጸ ምዃኑ እዩ። ሎሚ'ውን ነዚ ብምዝካር'ውን ካህናት ብፍላይ ሊቃነጳጳሳት መነኮሳት **<< ኣብ ማእከልና ተረኺብካ ናትናን ናይ ህዝብናን ሓጥያት ሕጸብ ፣ ንሕና'ውን ናትካ ኣብነት ኣይንርስዕን ኢና። ንሕና'ውን ናይ ካልኦት እግሪ ንሓጽብ።>>** ክብሉ ኣብ ቤተክርስቲያን ዝተረከቡ ምእመናን እግሮም ብቆጽሊ ወይንን ኣውልዒን ጌሮም ይሓጽቡ።

**ናይ ምሥጢር መዓልቲ'ውን ይብሃል እዩ።** ካብ ሸውዓተ ሚሥጢራተ ቤተክርስቲያን ሚሥጢረ ቁርባን ኣብዚ ዕለት እዚ ተመሥሪቱ ። **<< ኪበልዑ ከለዉ ጎይታና መድኃኒና ኢየሱስ ክርስቶስ እንጌራ ኣልዓለ ባሪኹ ቆሪሱ ነቶም ደቂ መዛሙርቲ**

**ሂብዎም እዚ ሥጋይ እዩ ውሰዱ ብልዑ በሎም። ጽዋእ ኣልዒሉ ኣመስጊኑ ድማ ከምዚ እንዳበለ ሃቦም እዚ ምእንቲ ብዙሓት ንሕድገት ሓጥያት ዝፈስስ ዘሎ ናይ ሓዲሽ ኪዳን ደመይ እዩ እሞ ካብዚ ኩልኹም ስተዩ። >>** ኢሉ ሂብዎም**>> ማቴ.26፣26-30።** ብምባል እሱ ምሳና ንሕና'ውን ምስኡ ሓደ ንኾነሉ ምሥጢር ካብ ጸላኢ ዲያብሎስ ሰዊሩ፣ ንደቂመዛሙርቱ ዝገለጸሉ መዓልቲ ስለዝኾነ እዚ ስያሜ ተዋሂብዎ። ኣብዚ ዕለት ክርስቲያን ኩሉ ብንስሓ ሂወት ተሓጺቡ ቅዱስ ሥጋኡን ክቡእ ደሙን ንምቅባል ይዳሎ።

**ናይ ሓዲሽ ኪዳን ሓሙስ ይብሃል።** ምኽንያቱ መሥዋእተ ኦሪት ማለት ብደም እንስሳ ዝቀርብ መሥዋእቲ ምብቅዑ ገሊጹ፣ ንድኅነተ ዓለም ንገዛእ ርእሱ ዝተፈተወ መሥዋእቲ ጌሩ ዘቅረበሉ ዕለት **ስለዝኾነ።<< እዛ ጽዋእ እዚኣ እቲ ምእንታኹም ብዝፈስስ ዘሎ ደመይ እተገብረ ሓዲሽ ኪዳን እያ ካብዚ ስተዩ።** >> ምባሉ ይፍለጥ። **ሉቃ.22፣20።** ኪዳን ማለት ኣብ መንጎ ክልተ ወገናት ዝግበር ውዕል፣ ስምምዕ፣ መሓላ ማለት እዩ። በዚ መሰረት ጎይታና መድኃኒና ኢየሱስ ክርስቶስ ንኣዳምን ንኹሎም ደቁን ዘልዓለማዊ ቃልኪዳን ብናቱ ደም ዝፈጸመሉ ዕለት ስለዝኾነ ናይ ሓዲሽ ኪዳን ሓሙስ ተባሂሉ።

**ናይ ነጻነት ሓሙስ።** ባሮት ሓጥያትን ዲያብሎስ ምብቅዑ፣ ነጻነትና ዝረኸብናሉ፣ ወዲ ሰብ ዝሰኣኖ ክብሪ ዳግማይ ምርካቡ ዝተረጋገጸሉ ዕለት እዩ። ጎይታና መድኃኒና ኢየሱስ ክርስቶስ ብዛዕባ ናይ ወዲ ሰብ ነጻነት ክዛረብ ከሎ **<< ባርያስ ጎይትኡ ዝገብሮ ኣይፈልጥን እዩ እሞ ደጊም ባሮት ኣይብለኩም እየ። ፈተውተይ ኢለኩም ኣለኹ።>>** ብምባል **ዮሓ.15፣15።** ካብ ባርነት ነጻ ዝወጻናሉ፣ ደቂ ዝተበሃልናሉ ዕለት ንዝክረሉ ስለዝኾነ ሊቓውንቲ ናይ ነጻነት ሓሙስ ኢሎማ። ነፍሲ ወከፍ ክርስቲያን ካብ ናይ ሓጥያት ባርነት ሪሒቁ፣ ምስ እግዚኣብሔር ንተዓረቀሉ ጽቡቅ ምግባር ሒዙ ጽቡቅ ስራሕ ብምስራሕ ሂወቱ ክመርሕ ይግብኦ። ባሮት ኣይብለኩምን ተባሂልና ኢና።

## ናይ ጸሎት ሓሙስ ምሥጢራት ኣብ ብሉይ ኪዳን፣

**ንፋሲካ ምድላዋት ተገርሉ እዩ።** ምድላዋቱ ኣብ ሰለስቲኦ ወንጌል ተመዝጊቡ ንረኽቦ። **ማቴ.26፣17-30።** ፋሲካ ማለት ምሕላፍ ማለት እዩ። እዚ ከኣ እስራኤላውያን ኣብ ምድረ ግብጺ ከለዉ እግዚኣብሔር መልኣኹ ሊኢኹ ነፍሲ ወከፍ እስራኤላዊ ሓደ ገንሸል በጊዕ ክሓርድ እሞ ደም ናይታ ገንሸል በጊዕ ወሲዶም ንኽልቲኡ ቀዋሚ ልዳትን ነቲ ላዕለዋይ ልዳትን ክለኽይዎ ንሙሴ ነጊርዎ። ሙሴ'ውን ንህዝቡ ነገረ። ኩሎም'ውን ከምዝተኣዘዝዎ ፈጸሙ። መቅሰፍት ካብ እግዚኣብሔር ተኣዚዙ መልኣክ እግዚኣብሔር ናይ ደም ምልክት ዘይብሉ ናይ ግብጻውያን ቤት ብሞተ በኲር ክሃርም ከሎ፣ ናይ በጊዕ ምልክት ዘለዎ ግና ናይ እስራኤላውያን ቤት ምልክት እንዳርኣየ ምሕላፉ ምምልካት እዩ። **ዘጸ.12፣1-20።** ካብዚ ብምብጋስ እስራኤላውያን በብዓመቱ ኣብ መጀመርታ ወርሒ ኣብ መበል 14 መዓልቲ በጊዕ እንዳሓረዱ በዓል ፋሲካ የብዕሉ። ሃገርና'ውን ኣቀዲማ ብሉይ ኪዳን ዝተቀበለት ሃገር ስለዝኾነት እዚ ተግባር ትፍጽሞ ኔራ እያ።
ኣብ ሓዲሽ ኪዳን'ውን ናይ ጎይታና መድኃኒና ኢየሱስ ክርስቶስ ትንሣኤ ፋሲካ ተባሂሉ ዝተጸውዓሉ ምኽንያት ኣብዚ በዓለ ፋሲካ ንገዛእ ርእሱ ዝተፈተወ መሥዋእቲ ጌሩ ብምቅራብ ደሙ ሰለዘፍሰሰልና እዩ። ብደሙ ምፍሳስ ሞተ በኩር ዝተባህለ ሞተ ነፍሲ ሪሒቅልና። **<< ገንሸል ፋሲካና'ውን ክርስቶስ እዩ።>> 1ይቆሮ.5፣7። 1ይጴጥ.1፣18-19።**

ኣብዚ ዕለት ከም ሰሉስ መዓልቲ ኣብ **ዮሓ.14-16** ዝርከብ ነዊሕ ትምህርቲ ንደቂመዛሙርቱ ኣምሂሩ እዩ። ናይ ትምህርቲ ቀንዲ ክፍልታት ናይ ምሥጢረ ሥላሴ ሰለስትነት ሓድነትን። ምሥጢረ ሥጋዊ ( ናይ ኣምላኽ ሰብ ምዃን)። ምሥጢረ ትንሣኤ ሙታን (ናይ ዳግማይ ምጽኣቱ ነገር) እዩ። እዚኦም ትምህርቲ ብሰፊሕን ዓሚቅን ክንመሃሮም ከም ዝግበኣና ንኽረድእ፣ ብተኣምራቱ ክገልጸሎም እንዳኸኣለ ብነዊሕ ትምህርቲ ንኽርድእዎ ጌርዎም እዩ። ደቂ መዛሙርቱ'ውን እሱ ከምህሮም ከሎ ዘይተረድኦም እንዳሓተቱ ተረዲእዎም። ምእመናን' ውን ኣብ ቤተክርስቲያን ተረኺብና ክንመሃር ዘይተረደኣና ድማ ሓቲትና ክንርዳእ ከምዝግብኣና ንመሃር። ኣብዚ ዕለት ምሸት ሰዓት ትሸዓተ (9) ንኣይሁድ ነፍሱ ኣሕሊፉ ዝተዋህበላ ዕለት እያ። **ማቴ.26፣47-58።**

## ❖ ዓርቢ፣

ዓርቡ ሥቅለት ይብሃል። ናይ ዓለም ኩሉ መድኃኒት ዝኾነ ጎይታና መድኃኒና ኢየሱስ ክርስቶስ ንኣዳምን ንኹሎም ደቁን በጃ ኮይኑ ኣብ መልዕልተ መስቀል ተሰቂሉ ምውዓሉ ንምዝካር እዩ። **ማቴ.27፣35።**

**ናይ ድኅነት ዓርቢ ትብሃል።** እዚ ዘረደኣና ቅድሚ ሥቅለተ ጎይታና መድኃኒና ኢየሱስ ክርስቶስ ሓደ ሰብ እንተበዲሉ ተሰቂሉ ይመውት ኔሩ። ብናይ ሮማውያን ሕጊ መቅጽዒ መሰረት መስቀል ናይ ገበነኛታት መቅጽዒ እዩ ኔሩ። ኣብዚ ዕለት ናይ ገበነኛ

መቕጽዒ ምልከት ዝነበረ መስቀል ጎይታና መድኃኒና ኢየሱስ ክርስቶስ ብደሙ ቀዲሱ ናይ ምሕረት ምልክት ፣ ናይ ሕይወት ኣርማ፣ ንዲያብሎስ ንስዕረለኡ ዋልታና ስለዝገበሮ ብሞቱ ጽቡቅ ሕይወት ስለዝረኸብና ናይ ድኅነት ዓርቢ ተባሂላ።
በዓለ ትንሣኤ ንምኽባር ናይ ኢዮርሣሌም ዝኸዱ ምእመናን ኩሎም ናይ ዕለት ዓርቢ መከራኡ ብምዝካር ካብ ቤተ ጲላጦስ ስጋብ ጎልጎታ መቃብረ እግዚእነ ኢየሱስ ክርስቶስ ዘሎ ጉዕዞ ይገብሩ። ጉዕዞ ዝግበረሉ ዓሰርተ ኣርባዕተ ሕማማተ መስቀል ዝተፈጸመልን ቦታታት እየን።
ኣብዚ ዕለት ኣብ ቤተክርስቲያን ተረኺቦም ንመከራኡ ብምዝካርን ብምሕሳብን ክሰግዱ ዝዎዕሉ ከም ዘለዉ ኩሉ፣ ብኣንጻሩ ድማ ብስመ ክርስቲያን ተባሂልና ንጽዋዕ ኣብ ካላእ ዘይጠቅም ቦታ ግዜና ንግዚያዊ ደስታ ንሓላፋይ ብኸንቱ ነጥፍኦ ኣይንሰኣነን ኢና። ከምዚ እንገብር ኩላትና ካብቲ ዝሓለፈ ጠባይና ተጣዒስና ክንምለስን ንመጻኢ ዘመንና ብንስሓ ምስ እግዚአብሔር ተዓሪቅና ክንነብር ይግብኣና። ኣብ ዓመት ሓንሳብ ንረኽባ እዚኣ ዕለት ቀራንዮ ንሓስበላ፣ ነገረ መስቀሉ ንዝክረላ እምበር ናይ እግዚአብሔር ነገር ረሲዕና ጥራሕ ብዛዕባ ምድራዊ ናብራና ግዜና ከንጥፍእን ሓጥያት ክንሰርሕ ንውዕለሉ ግዜ ክኸወን ኣይግብኣን።

## ❖ ቀዳም

ቀዳም ስዑር። ኣብዚ ዕለት ካብ ካልእ ግዜ ብዝተፈለየ መልክዕ ናይ ጎይታና መድኃኒና ኢየሱስ ክርስቶስ መከራ ብምሕሳብ ብጾም ተዘኪራ ስለትውዕል ቀዳም ስዑር ትብሃል።

**ለምለም ቀዳም።** ካህናት ንምእመና ልሙዕ ሰቲ ዝዕድሉሉ ዕለት ስለ ዝኾነ በዚ ቀዳም ለምለም ተባሂላ። ሰቲ ምእመናን ስጋብ ትንሣኤ ምሽት ኣብ ርእሶም ይኣስርዎ።

**ቅዱስ ቀዳም ይብሃል።** ቅዱስ ቀዳም ምስያሙ ቅዱስ እግዚአብሔር ብጥንተ ተፈጥሮ ንፍጥረታት ድሕሪ ምፍጣሩ ኣብዛ መዓልቲ ካብ ኩሉ ስርሑ ዘዕረፈ ክኸወን ከሎ። ኣብ ዘመነ ሓዲሽ ኪዳን ከኣ ጎይታና መድኃኒና ኢየሱስ ክርስቶስ ናይ ድኅነት ስርሑ ኩሉ ፈጺሙ ብሥጋኡ ኣብ ከርሰ መቃብር ክዓርፍ፣ ብነፍሱ ንሲኦል ኄሕጊሑ ጥርሓ ኣትሪፍዋ እዩ። ኣብኡ ዝነበሩ ነፍሳት ናብ ናይ ዘልዓለም ዕረፍቲ ዘውረሶም ዕለት ስለዝኾነት ካብ ካልኦት ዕለታት ዝተፈለየት ማለት ቅዱስ ቀዳም ተባሂላ። ናይ ዕለታት ክብርን ስያመን ምፍላጥን ምርዳእን ሓቢሩ ኣብ ዕለታዊ ዝእዘዙ ሃይማኖታዊ ግዴታትን ክንትግብሮም ይግብኣና።

ያብጽሐነ ያብጽሕኩም በሰላም እግዚአብሔር በሰላም . ኣሜን።

ወስብሓት ለእግዚአብሔር
ወለወላዲቱ ድንግል
ወለመስቀሉ ክቡር።